wny cosh

ቄንስል ምዕራባዊ ኒው-ዮርክ ኣብ ጉዳይ
ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን

ንስድራ-ቤታት ዘገልግል ማዕከን ሓበሬታዊ መምርሒ

ጽንዓት ይሃበልና



ዝኸበርካ/ኪ ኣባል ስድራ-ቤት፣

ኣብ'ዚ እዋን እዚ፣ ነቲ ወሪዱኩም ዘሎ ቃንዛ ንምውጋድ ኪበሃል ዝከኣል ነገር የልቦን። እዚ ጉዳይ እዚ ዘስዕቦ ኣእምሮኣዊ በሰላ ካብ'ቲ ሓዘን ባዕሉ ዝብእስ እዩ። ከም'ዚ ናትኩም ዓይነት ርካብ ዘጋጠሞም ሓያሎ ሰባት እውን ኣለዉ። ብሰንኪ እዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ኣእምሮኹም፣ ኣካላትኩምን ነፍስኹምን ንዝወርድ ማህሰይቲ ንርድኦ ኢና። እዞም ሓሊፎም ዘለዉ እተፍቅርዎም ኣባላት ስድራኹም ኣይክርስዑን እዮም – ወትሩ ኣብ ልብን ኣእምሮን ብዙሓት ክነብሩ እዮም። ገና ድማ ብመገድኹም ድምጾም ኬስምዑ እዮም። ድምጾም ኮታ ይሰማዕ!

"ሞት ሓደ፣ ሕማቅ ኣጋጣሚ እዩ፣ ሞት ሚልዮናት ግና ስታቲስቲካዊ እዩ" ተባሂሉ ኣሎ። ዓመታዊ ሓዘን ሞት ናይ ኣስታት 6,000 ወገናትና ነሕልፍ። እዞም ብሞት ዝሓለፉ ሰራሕተኛታት ልዕሊ ኩሉ ኣብ ልብና ህያዋን ኪኾኑ ይግባእ። ከመይሲ ንሳቶም ንስድራ-ቤታት ኣመሪካ፣ ንሕልሚ ኣመሪካ ደው ዝበሉ እዮም። እምበኣርከስ ሕጂ፣ ሓደ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረና ነገር ከነበርክተልኩም ኢና ደሊና — ድንጋጸ፣ መረዳእታ፣ ደገፍ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ንጸገምኩም ኣብ እዋኑ ዓው ኢልኩም ከምእትዛረቡሉ ክንገብር።

ልብና ምስ ክብደቱ፣ ግን ከኣ ምስ ናይ ትስፋውነቱ፣

ታሚ ሚዘር
ፈጻሚ ዳይረክተር/መስራቲ/ት
ሓባራዊ ደገፍን ዝኽርን ንኣጋጣሚታት ሞት ኣብ ቦታ ስራሕ (USMWF)

wny cosh

ስድራ-ቤታትን ገስጋስን

ኣባላተን ኣብ ቦታ ስራሕ ሓደጋ ሞት ንዘጋጠሞም ስድራ-ቤታት ተስፋ፡ መልሲ፡ ምቕላስ፡ ደገፍን ስምን ኪወሃበን ይግባእ። ትካላት USMWF፡ WNYCOSH፡ ሕብረታት ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን (ጕጅለታት COSH)፡ ማሕበራት፡ ማእከላት ሰራሕተኛታት፡ ግዱሳት ስድራ-ቤታትን ወከልቲ ትካላት መንግስትን፡ ነቲ ኣባላተን ኣብ ቦታ ስራሕ ሓደጋ ሞት ዘጋጠሞም ስድራ-ቤታት ክተሓዛሉ ዝጸንሓ ኣገባብ ኰነ ጠለባተን ዝማልኣሉ መገዲ ይቕይራኦ ኣለዋ። እዚ ድማ እዘን ስድራ-ቤታት ርትዓውን ግሉጽነት ዘለዎን መስርሕ መርመራ ንኽካየደለን መሰል ብምርግጋጽ ዝኾነ እዩ።

መእተዊ

ሰራሕተኛ ኣብ ቦታ ስራሕ እንክሎ ሞት ወይ ከቢድ ሓደጋ ምስዘጋጥሞ፡ ነቶም ብድሕሪኡ ዝተርፉ ኣባላት ስድራ-ቤትን ፈተውትን ብዙሕ ግድልን ሕቶታትን ከጋጥሞም ግድን እዩ።

እቲ ፍጻሜ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ብምዃኑ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ህዝባዊ ዝኾነ ትዕዝብቲ ስለዘየለ፡ እተን ዝምልከተን ትካላት ምስጢራውነት ስለዝህልወን - እዚ ኩሉ ሳዕ ንኣስራሒ ዝያዳ ውሕስነት ዝህቦ፡ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ነቲ ንቡር ክኸውን ዝግባእ ዝነበረ ሓዘን ወጥሪ ዝውስኽሉ እዩ።

ነዚ ማዕከን ሓበሬታዊ መምርሒ ከነዳሉ ዝደረኸና ምኽንያት እምበኣር፡ እዚ መስርሕ እዚ ክሳብ ክንደይ ዝተሓላለኸ ክኸውን ከምዝኽእል ስለዝተገንዘብና እዩ።

ሰባት ብዝተፈላለየ መልክዕን ግዜን ከምዝሓዝኑ እውን ንርዳእ ኢና። ነዚ ማዕከን ሓበሬታዊ መምርሒ ከምዝጥዕመኩም ጌርኩም ንገዛእ-ርእስኹም ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ተወሳኺ ሕቶ ይኹን ስክፍታ ምስዝህልወኩም፡ ብመገዲ ተሌፎን (716-833-5416) ወይ ኢመይል (info@wnyworker.org) ንዝኾነ ይኹን ኣብ WNYCOSH ዝርከብ ኣባል፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

wny cosh

ኣብ ጐድኒ ኣቦኣ ኮፍ ኢላ ዘላ ጁሊያ፡ ስእሊ ናይ ሓደ ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ንላዕሊ ኣንቃዕሪራ ዝነበረት ፎርክሊፍት ኰይኑ እናሰርሐ እንከሎ ተጨፍሊቑ ዝሞተ ሓዋ ሒዛ ንዕዘብ። ማርክ ኣሳሳዪ ናይ’ቲ ንብረት ዝሸይጥ ማሕበር ኰይኑ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቦታ ስርሑ ዝነበረ ውሕስነት ዘይህብ ሃዋህው ስራሕ፡ ብዙሕ ግዜ ናብ ኣስራሒኡ ይጠርዕ ነይሩ።

ደገፍ

ሓዘንተኛታት ኣባላት ስድራ-ቤት ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣባል ስድራ-ቤቶም ዝወረደ ክሳራ ህይወት ድዩስ ከቢድ ማህሰይቲ ንኽዋጸኡሉ፡ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ርእሲ እቶም ከም ልምዲ ዝሰላሰሉ ህሉዋት ስርዓተ-ሓገዛት፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ከቢድ ሓደጋ ምስዘጋጥም፡ እዞም ዝስዕቡ ምኽርታት ኪህልዉ ይኽእሉ፦

መሰልካ ምፍላጥ

ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም። ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናጽነት ሓበሬታ፡ ንገለ ሰነዳት ባዕልኹም ክትርእይዎም መሰል ኣለኩም። ንስኻትኩም ነዚ ተታሓሒዙ ቀሪቡ ዘሎ መርኣያ ኣጸሓሕፋ ደብዳቤ FOIA ብምጥቃም፡ መንግስቲ ናባኹም ነቲ ዝምልከቶ ሓበሬታ ንኽሰድድ ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ዝምልከቶ ወኪል ትካል መንግስቲ ንኸተለልይዎን ነቲ ናይ FOIA ጠለብኩም ንኸተቕርብዎን ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።

ሞያዊ ሓገዝ ኣብ ግምት ምእታው

እቶም ምስ ሓደጋታት ናይ ቦታ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ተርእዮታት ዳርጋ ኩሉ ሳዕ ህይወት ሰብ ዝልክሙ ኰይኖም፡ ከም ትሑዝ ናይ ድሕረ-ሓደጋ ጸቕጢ ኣእምሮ (PTS) ኬስዕቡ ይኽእሉ። ስነ-ልቦናዊ ምኽሪ ዝልግሱ ሞያውያን፡ ድሕሪ ፍጻሜ ናይ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሓደጋታት ንስድራ-ቤታት ኣብ ምቕላስ፡ ኩሉ ሳዕ ኣዝዮም ሓገዝቲ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከባቢኹም ምስ ዝርከብ ስነ-ልቦናዊ ኣማኻሪ/ት ክትራኸቡ እንተደሊኹም ን *WNYCOSH* ተወከሱ።

ተሳታፊ/ት ምኳን

ኣባላት ስድራ-ቤታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝለዓለ ተራ ኣብ ርእሲ ምጽዋቶም፡ ኣብ ክንዲ ዘፍቅርዎም ግዳያት ሓደጋ ናይ ቦታ ስራሕ ብምኳን ፍትሒ ንምርግጋጽ ይጽዕሩ ኣለዉ። ንጡፋት ኣባላት ስድራ-ቤት ንገዛ-ርእሶም ኰነ ምስ ጉዳያት ድሕነትን ጥዕናን ናይ ኩሎም ሰራሕተኛታት ብዝተኣሳሰር፡ ኣገዳሲ ተራ ኪጻወቱሎም ዝኽእሉ ቀደም-ተኸተላት መስርሕ ኣለዉ።

ደገፍ

- ኣባላት ስድራ-ቤት ኩሎም እቶም ምስ'ቲ ዝምልከቶ ናይ ቦታ ስራሕ ሓደጋ ዝተኣኣሰሩ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ሓቅታት/ጭብጥታት ኪቐርቡሎም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ስድራ-ቤታት ጉዳየን ብጠበቓ ናይ ከባብያዊ ምምሕዳር ንኽምርመር ክሓታ ይኽእላ እየን። ምስ ከባብያዊ ቤት-ጽሕፈት OSHA ወይ ጠበቓ ናይ ከባብያዊ ምምሕዳር ተራኺብኩም ብዛዕባ ናትኩም ጉዳይ። ምሕባር ኣይትረስዑ።

- ነቲ እተፍቅርዎ ሰብኩም ይኹን ነቶም ካልኦት ኣብ'ዛ ዓመት ህይወቶም ብኸንቱ ዘጥፍኡ ሰባት ንምኽባር፡ ኣብ መዓልቲ ዝኽሪ ዝሓለፉ ሰራሕተኛታት ተሳተፉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ኣባላት ስድራ-ቤት፡ ኣባላት ማሕበር፡ ሞያውያን ስነ-ሕጊ፡ ከምኡ'ውን ብዙሓት ካልኦት ናይ ጥዕናን ድሕነትን ተጣበቕቲ፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዝካየዱ ጽንብላት ተረኺቦም ንግዳያት ይዝክሩ፤ ኣብ ጉዳይ ውሕስነት ናይ ቦታ ስራሕ ድማ ንቕሓት ክብ ከምዝብል ይገብሩ። እዛ "ንመዋቲ ንሕዘነሉ፣ ነቲ ህሉው ግን ንቃለሰሉ" እትብል ቴማ፡ መዓልታዊ ኣብ ኣእምሮ እትመላለስ ሓያል መልኽቲ እያ።

- ተጣበቕቲ ብምዃን ተቓለሱ እሞ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝሓሸ ኵነታት ጥዕናን ድሕነትን ተረጋጊጹ፡ ህይወት ብዙሓት ሰራሕተኛታት ካብ ሓደጋ ኪሕሎ። ነዞም ሓደጋታት እዚኣቶም ምክልኻል ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ኪግንዘብ ዝኽእል ኣካል እንተሃልዩ ንስኹም ከምኡ'ውን ናትኩም ስድራ-ቤት ጥራይ እዮም። *WNYCOSH* ብጉዳይ ጥዕናን ድሕነትን ዝመጸ፡ ምስ ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ከምኡ'ውን ምስ'ተን ንሰራሕተኛታትን ስድራ-ቤታቶምን እወንታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝቃለሳ ዘለዋ ትካላትን ስድራ-ቤታትን ብምትሕብባር ብቐጻሊ ይሰርሕ ኣሎ። ክትሳተፉ ምስእትደልዩ ወይ ኣብ ጉዳይ ጥዕናን ድሕነትን ንዝተራእዩ ናይ ቀረባ ምዕባለታት እትፈልጡ ምስእትኾኑ፡ ብኽብረትኩም ን *WNYCOSH* ተወከሱ።



wny cosh

ንክፍሊት ጋር ነብሲ ናይ ሰራሕተኛታት ኒው-ዮርክ ዝምልከት ነጥብታት ዝሓዘ ወረቐት።

ካሕሳ ናይ ሰራሕተኛታት፡ ብመሰረት ሕጊ NY WCL §16 ዝተረጋገጸ'ሞ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ናይ ቦታ ስራሕ ምስዘጋጥም ዝኽፈል ናይ መድሕን ገንዘብ እዩ። ሓደ ተርእዮ ሞት ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰረ እዩ ኪበሃል ዝከኣል፡ ምስ ንጹር ዝኾነ ሓደጋ ናይ ስራሕ ዝተኣሳሰረ ወይ ብሰንኪ ስራሕ-ዝጠንቁ ሕማም/ኵነት ዘስዓበ ምስዝኸውን እዩ።

ቦርድ ካሕሳ ሰራሕተኛታት ከምዝወሰኖ፡ በቲ ኣስራሒ ዝተጸገየ ትካል መድሕን፡ ሰሙናዊ ናይ ጥረ-ገንዘብ ሓገዝን ወጻኢታት ሕክምናዊ ክንክንን ይሸፈን። ቦርድ ካሕሳ ሰራሕተኛታት፡ ንዝቐርቡ ሕቶታት ዝሰምዕን ዝምልስን ወኪል ትካል መንግስቲ እዩ። ናይ ቦርድ ምትእትታው ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ፡ ወሃቢ ኣገልግሎት መድሕን መሕወዪ ናይ ወጻኢታት ሓገዝ ጥረ-ገንዘብን ሕክምናዊ ክንክንን ክኸፍል ዘድሊ እንተኾይኑ፡ ከምኡ'ውን እቲ ዝኽፈል መጠን ክንደይ ምዃኑ ኪውስን እዩ።

ጽግዕተኛታት ኣባላት-ስድራ-ቤት

- ጽግዕተኛታት ኣባላት-ስድራ-ቤት፡ ብሕሳብ 2/3 ናይ'ቲ ብማእከላይ ገምጋም ናይ ሰሙናዊ እቶት መዋቲ ዝተቐመረ ሰሙናዊ ናይ ጥረ-ገንዘብ ሓገዝ ክቕበሉ መሰል ኣለዎም
- እዚ ሰሙናዊ ዝወሃብ ገንዘባዊ ካሕሳ ካብ'ቲ ኣውራጃኣዊ ሕጊ ደረት ዘንበረሉ መጠን፡ ማለት ኣብ'ዚ እዋን እዚ ካብ $864.32 ኪዛይድ ኣይግባእን።
- ኣስራሒ ንኣገልግሎት ቀብሪ ተባሂሉ ዝወሃብ ክሳብ $10,500 ዝመጠኑ ገንዘብ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ይስከም
- ብህይወት ዘለዉ ጽግዕተኛታት ኣባላት ስድራ-ቤት ኣብ ዘይህልዉሉ፡ $50,000 ዝመጠኑ ክፍሊት ኣብ ኢድ ወለዲ ኪወሃብ ወይ ናብ ውርሻ ናይ መዋቲ ኣታዊ ኪኸውን ተኽእሎ ኣሎ።

ኣብ ግምት ዘይኣትዉ

- ጽግዕተኛታት ኣባላት ስድራ-ቤት ጋር ነብሲ ኪቕበሉ እንተኾይኖም፡ ኣማውታ ናይ መዋቲ ስራሕ-ዝጠንቁ ምዃኑ ዘየማትእ ኪኸውን ይግባእ
- ሓደ ኣካላዊ ሓደጋ ዘጋጠሞ ሰራሕተኛ ናይ ግዚያዊ ስንክልና ሓገዝ ዝቕበል ወይ ቀዋሚ ሓገዝ ኪቕበል ጸኒሑ ብሰንኪ ካልእ ጠንቂ ምስዝመውት፡ ጋር ነብሲ ይኹን ንኣገልግሎት ቀብሪ ዝኸውን ገንዘባዊ ሓገዝ ኪቕበል ኣይክእልን እዩ
- ዳግማይ ክሳብ ዘይተመርዓወ/ት፡ መጻምድቲ ናይ መዋቲ ንምሉእ ህይወቱ/ታ ዝቕጽል ሓገዝ ይ/ትቕበል
- ብህይወት ዘሎ/ላ መጻምድቲ ምስዝምርዖ/ምስእትምርዖ፡ ኣብ ሓደ እግሪ ናይ ክልተ ዓመት ድምራዊ ሓገዝ ጥራይ ይኽፈሎ/ላ

ህጻናት

- ኣብ ርእሲ እቲ/ታ ብህይወት ዘሎ/ላ መጻምድቲ ህጻናት ምስዝህልዉ፡ እቲ ዝወሃብ መጠን ገንዘብ ተመሳሳሊ ኰይኑ ናብ እቲ/ታ መጻምድቲን ትሕቲ ዕድመ ደቂን ይመቓራሕ
- ልዕሊ ሓደ ብህይወት ዘሎ ህጻን ምስዝህሉ፡ እቲ/ታ ብህይወት ዘሎ/ላ መጻምድቲ 36.667% ናይ'ቲ ሰሙናዊ ዝወሃብ መጠን ሓገዝ ይ(ት)ቕበል'ሞ፡ ነቲ ዝተረፈ 30% እቶም ህጻናት ብማዕረ ይማቐልዎ
- እቶም ብህይወት ንዘለዉ ህጻናት ዝወሃቡ ሓገዛት፡ እቶም ህጻናት ናይ ኮሌጅ ተምሃሮ እንተደኣ ዘይኮይኖም፣ ዕድሚኦም ዓሰርተው-ሸሞንተ ዓመት ምስ መልአ ዘቋርጽ እዩ

ናይ FOIA መርኣያ

FOIA እንታይ እዩ?

FOIA፥ ሓደ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር መንግስቲ ዝርከብ ሰነድ እንተስ ብኽፊል ወይ ድማ ብሙሉኡ ብህዝቢ ሕቶ ቀሪቡ ንውከሳ ኪቐርበሉ ዝኽእል ፈደራላዊ ሕጊ ኰይኑ፥ እቲ ሰነድ ምስ ውልቃዊ ብሕታውነት፥ ሃገራዊ ድሕነት ወይ ሕጊ ብዝተኣሳሰር ተኣፋፊ ኪኸውን ኣይግባእን።

ዕለት
ሰራሕተኛ ሕጊ ናጽነት ሓበሬታ ስም ወኪል ትካል
ኣድራሻ ናይ ወኪል ትካል
ከተማ፥ ኣውራጃ, ኮድ ዚፕ

ንሕጊ ሓበሬታዊ ናጽነት ዝምልከት ጠለብ

ዝኸበርካ/ኪ _______________፥

እዚ ጠለብ እዚ ብመሰረት ንሕጊ ሓበሬታዊ ናጽነት ዝቐርብ ዘሎ እዩ ። ቅዳሕ ናይ ኩላቶም ሰነዳት፥ ኣሳእል፥ ከምኡ'ውን ምስ ጉዳይ #___ ዝተኣሳሰሩ ሰነድ-መሰል ነገራት፥ ማለት ብዛዕባ ኾነተ-ሞት ናይ __________ (ቍጽሪ ጉዳይን ስም ናይ'ቲ እተፍቅርዎ ሰብኩም ኣብ'ዚ ጽሓፉ) ገለ ሓበሬታ ኪርከቦም ስለ ዝከኣል፥ ኣብ ኢደይ ኪወሃቡኒ ሕቶ እቕርብ።

ነዚ ሓበሬታ እዚ ክደሊ እንከለኹ፥ ንውልቀይ ደኣ'ምበር ኣብ ንግዳዊ መዓላ ንኽውዕሎ ብምሕሳብ ኣይኰነን። ኩላቶም እዞም ክፍሊታት ኪነሓፉለይ እውን ሕቶ እቕርብ፥ ምኽንያቱ ዕላማኡ ብዛዕባ ኦፕረሽናዊ ንጥፈታት መንግስቲ ብዝግባእ ንኽርዳእን ብዛዕባ ኾነታት ኣማውታ ናይ ሰበይ ንኽግንዘብን፥ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ሰዓት ናይ'ቲ ዘፍቅሮ ሰበይ ገለ ስእሊ ንኽወስድ'ሞ፥ ከም ውጽኢቱ ኣነ ኣብ ናይ ኣተሓዛዝናይ መስርሕንኽሕዝ እዩ። (ኣስተውዕሉ፥ ኣብ ታሕቲ) ተመልከቱ

ነዚ ጠለብ እዚ ኣብብምእታውኩም ኣዚና ነመስግን። ምስ ኣኽብሮት፥

ስም
ኣድራሻ
ከተማ፥ ኣውራጃ፥ ኮድ ዚፕ
ተሌፎን

ኣድላዪ ዘበለኩሉ ሓበሬታ ምስዘይተሰፍሩ፥ ጠለብኩም ኪንጸግ ምኽኒኑ ዳርጋ ትሑዝ ጉዳይ እዩ።

(ኣስተውዕሉ፥ ንዓኹም ዘየድልዩ ረበሽቲ ኣሳእልን ጭርምራማት ሓበሬታን ኪህልዉ ስለዝኽእሉ፥ ነዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ጠለብኩም ክትጠቕስዎ ወይ ጠለብኩም ከም ጠበቓ ብዝኣመሰለ ሳልሳይ ኣካል ተራእዩ ከምዝሓልፍ ኪትገብሩ ይግባእ።)

WNYCOSH ንገንዘባዊ መኽሰብ ዘይሰርሕ ትካል ጥብቅነትን ትምህርትን ኰይኑ፡ ንነኣሽቱ ስራሕተኛታት፡ ንሕጋውያንን ዘይሕጋውያንን ስደተኛታት ሰራሕተኛታት፡ ትሑት ደሞዝ ንዘለዎም ሰራሕተኛታት፡ ከምኡ'ውን ንልዑል ተኽእሎ ሓደጋ ንዝተቓልዑ ናይ ኢንዱስትሪ ሰራሕተኛታት፡ ቀጥታዊ ስልጠና ብምሃብ'ሞ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ንዘጋጥሙ ሓደጋታት ከምዘለልይዎም፡ ከምዝግምግምዎምን ከምዝቈጻጸርዎምን ብምግባር፡ ንሰራሕተኛታት ዘሐይል ትካል እዩ።

ወጻኢታት ናይ ኣገልግሎት ትርጉም፡ ብኣውራጃኣዊ ክፍሊ ዕዮ፡ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ዝተመወለ እዩ
ቍጽሪ ኮንትራት #DOL01-CC1676GG-3550000

ፍሉይ ምስጋና ን፦

MassCOSH

USMWF.ORG

ንድፍን ጽሑፋዊ ኣርትዖትን ብ፦
ኤይሚ ላ ፍራንስ፡ ኮርነል
High Road Fellow 2017

2495 Main Street, Suite 438
Buffalo, NY 14214
ናብ፦ (716) 833-5416 x11, F: (716) 833-7507
ናይ WC ህጹጽ መስመር፦ (716) 206-3550
info@wnycosh.org • wnycosh.org

ኣብ'ዚ ዝርከቡ ርእይቶታት፡ ውጽኢታት፡ ርኽበታትን ትርጉማት ናይ ውህሉል ሓበሬታን፡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ናይ ቌንስል ምዕራባዊ ኒው-ዮርክ ኣብ ጉዳይ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኰይኖም፡ ንርእይቶ ይኹን ኣተራጉማ ድዩስ ፖሊሲ ናይ ክፍሊ ዕዮ ናይ ኣውራጃኣዊ ክፍሊ ኒው-ዮርክ ዘንጸባርቑ እዮም ማለት ኣይኰነን።